## ምትግባሩ ስለምንታይ ኣድለየ?

መመራ ክሳድ ማህጸን (ናይ ማይክሮስኮፕ መርመራ) ሓደ ካብ’ቶም ንመንሸሮ ክሳድ ማህጸን ክንከላኸለሎም እንኽእል ብሉጻት መገድታት እዩ።

ምልክታት መንሸሮ ገና ብኣጋኡም፡ ማለት ክፍወሱሉ ኣብ ዝኽእሉ ደረጃ እንከለዉ፡ ንኽነለልዮም ይሕግዝ።

እዞም ከም’ዚ ዝኣመሰሉ ናይ መርመራ ቈጸራታት፡ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ፡ ዓመታዊ፡ ልዕሊ 4,500 ህይወት ደቀ’ንስትዮ የድሕኑ።

ገና ግዜ እንከሎ ዘይተለለየ መንሸሮ ክሳድ ማህጸን ንስድራ-ቤት ኣብ ከቢድ ጸገም ዘእቱ ክኸውን ይኽእል እዩ።

**ጕዳይ ጥዕናና ንዕድል ኣይንሕደጎ።**

**ሕጂ ናብ ናይ ክሳድ ማህጸን መርመራኽን ንቐላ።**

## ብኸመይ እዩ ዝሰላሰል?

ኵላተን ካብ 25 ክሳብ 64 ዝዕድሚአን ደቀ’ንስትዮ፡ ኣብ ነፍሲወከፍ ናይ 3-5 ዓመታት እዋን እዚ መርመራ እዚ ክካየደለን መሰል ኣለወን።

ፈለማ ሓፈሻዊ ሓኪም ኣብ ዝኾነ ዶክተር ምስተመዝገብክን፡ መርመራ ክትገብራ ትጽቢት ዝግበረልክን እንተ’ኾይኑ፡ ቈጸራ ክተሓዘልክን እዩ።

ብድሕሪ እዚ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ መርመራ ንኽተካይዳ ትጽቢት ዝግበረሉ እዋን (ነፍሲወከፍ 3-5 ዓመታት) ደብዳቤ ክለኣኸልክን እዩ።

ኣብ ገለ ከባቢታት፡ ኣብ’ታ መዓልቲ እቲኣ፡ ብዘይ ቈጸራ ኣገልግሎት ናብ ዝህብ ክሊኒክ ኬድክን መርመራ ንኽተካይዳ ክትሕተታ ተኽእሎ ኣሎ።

ኣብ ዌስት-ዮርክሻየር፡ ልዕሊ 7 ካብ ነፍሲወከፍ 10 ዕዱማት ደቀ’ንስትዮ ኣብ ቈጸራአን ይርከባ።

## እንታይ ከ እዩ ዝስዕብ?

እዚ መርመራ እዚ ብደቀ’ንስትዮ ነርሳት ወይ ዶክተራት እዩ ዝሰላሰል፡- ደቀ’ንስትዮ ኣባላት ኣብ ዘይህልዋሎም እዋናት፡ እዚ ቈጸራ እዚ ናብ ካልእ እዋን ንኽሰጋገር ክትሓታ ትኽእላ ኢኽን።

ቅድሚ መስርሕ መርመራ ምጅማሩ፡ ብዛዕባ እቲ ክኸውን ዘለዎ ነገር መብርሂ ክወሃበክንን ንዘለዉኽን ሕቶታት መልሲ ክወሃበሎምን እዩ። ነቲ ዝርርብ ብቛንቋኽን ዝትርጉመልክን ሞያዊ ከምዝህሉ ክግበር ዝከኣል እዩ።

ካብ ርሕምኽን፡ ልስሉስ ብዝኾነ ‘ስባስላ ቅምሶ ናይ ሒደት ዋህዮታት ክውሰድ እዩ።

ኣብ ውሽጢ 5 ደቓይቕ እኳ ዘይመልእ እዋን ዝውዳእ መስርሕ እዩ።

ደገፍ ሰብ ዘድልየክን እንተ’ኾይኑ፡ ሰብ ክትማልኣ ትኽእላ ኢኽን።

# ውጽኢት መርመራ ምቕባል

ከም ንቡር፡ ካብ መዓልቲ ቈጸራኽን 2 ሰሙናት ድሒሩ ውጽኢት መርመራኽን ዝሓዘ ደብዳቤ ክመጽኣክን እዩ።

ናይ ዝበዝሓ ሰባት ውጽኢት ኣዝዩ ንቡር እዩ።

ውጽኢት መርመራኽን ንቡር እንተኾይኑ፡ ዘድሊ ነገር ስለዘየሎ፡ ዳግማይ መርመራ ንኽግበረልክን ኣብ ውሽጢ ናይ 3-5 ዓመታት እዋን ከም እንደገና ዕድመ ክግበረልክን እዩ።

ኣብ መርመራኽን ገለ ዘይንቡር ነገር ምስእንዕዘብ፡ ድሕሪ 1 ዓመት ዳግማይ ዕድመ ክግበረልክን ወይ ናጻ ናይ ሆስፒታል ቈጸራ ክተሓዘልክን እዩ።

እቲ መስርሕ ንነፍሲ ወከፍ ጓለ'ንስተይቲ ተመሳሳሊ ኰይኑ፡ ውጽኢት መርመራኽን ንዝኾነ ይኹን ካልእ ሰብ ኣይወሃብን እዩ።

# ሓገዝን ደገፍን

ብዛዕባ ናይ ክሳድ ማህጸን መርመራ ዝመጸ ተወሳኺ ሓበሬታ ንኽትረኽባ ዝሕግዘኽን ገለ ጠቓምቲ ኣድራሻታት እንሆው:-

### ኣብ ከባቢኽን ዝርከብ ኮማዊ ትካል ጥዕና (GP surgery)

| | |
|---|---|
| ነቐጣ መርበብ ሓበሬታ፡- | https://www.thewhitehousecentre.org.uk |
| ኢ-መይል፡- | |
| ቍ. ተሌፎን፡- | 0333 043 6243 |
| ኣድራሻ፡- | ማእከል ዋይት-ሃውስ (Whitehouse Centre), Princess Royal Health Centre, Greenhead Road, Huddersfield, HD1 4EW |

### ጉዳይ ስደተኛታት ዝከታተል ትካል ዮርክሻየር (Migration Yorkshire)

| | |
|---|---|
| ነቐጣ መርበብ ሓበሬታ፡- | migrationyorkshire.org.uk |
| ኢ-መይል፡- | admin@migrationyorkshire.org.uk |
| ቍ. ተሌፎን፡- | 0113 378 8188 |
| ኣድራሻ፡- | 4 Floor west, Merrion House, 110 Merrion Centre, Leeds, LS2 8LX |

### ኪዳን ሕክምና መንሽሮ ዌስት-ዮርክሻየር ከምኡ'ውን ሃሮገይት (The West Yorkshire & Harrogate Cancer Alliance):-

| | |
|---|---|
| ነቐጣ መርበብ ሓበሬታ፡- | canceralliance.wyhpartnership.co.uk |
| ኣድራሻ፡- | White Rose House, West Parade, Wakefield, WF1 1LT |

### ማዕከን ሕድሪ ጆስ (Jo's Trust):-

| | |
|---|---|
| ነቐጣ መርበብ ሓበሬታ፡- | www.jostrust.org.uk |
| ኢ-መይል፡- | info@jostrust.org.uk |
| ቍ. ተሌፎን፡- | 0808 802 8000 |
| ኣድራሻ፡- | ማዕከን ሕድሪ መንሽሮ ክሳድ ማህጸን ጆስ (Jo's Cervical Cancer Trust)፡ CAN Mezzanine, 7-14 Great Dover Street, London, SE1 4YR |

### ሃገራዊ ትካል ኣገልግሎት ጥዕና (National Health Service):-

www.nhs.uk/conditions/cervical-screening

West Yorkshire and Harrogate Cancer Alliance



## ንዓኽን ዘገልግል ቀሊል

# መርመራ መንሽሮ ክሳድ ማህጸን

ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ንዝቕመጡ ሰባት፡ መርመራ መንሽሮ ውሑስን ካብ ገንዘባዊ ክፍሊት ናጻን እዩ

ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ፡ ብድምር 12,000 ደቀንስትዮ ንመዓልቲ ኣብ ናይ'ዚ መርመራ እዚ ቈጸራኣን ይርከባ።

ዝኣተ ኩሃ በባተ እንተ ኳንኩሃ፡ ጥዕናዊ መርመራ ንኽካየደልኩም ኣብ ዶክተር ክትምዝገቡ ትኽእሉ ኢኹም

TIGRINYA